ማሕበር ተኻረይቲ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ብሚዛናዊ
ዋጋ ብሉጽ ኣባይቲ ናይ ምርካብ መሰል ከም ዘለዎ
ንምርግጋጽ ይሰርሕ። ኣብዛ ብሮሹር እዚኣ ብዛዕባና
ዝያዳ ኽተንብብ ትኽእል ኢኻ ። መንነትናን፡ ምኽንና፣
ንምንታይከም እንቀውምን፡፡


Hyresgästföreningen

ንዝያዳ ሓበሬታ፣ ኣብ
www.hyresgastforeningen.se ተወከስ


Hyresgästföreningen

# ብዛዕባና

ሓበሬታ ብዛዕባ
ማሕበር ተኻረይቲ



# ራእይና ሰባትን ማሕበረሰባትን ዝደሊዎ ድሕንነትን ቅሳነትን ዘለዎ ኣባይቲ ምድላው እዩ





**ማሕበር ተኻረይቲንግዳዊ ኣተሓሳስባ**

ማሕበር ተኻረይቲ ናይ ተኻረይቲ ውዳበ ብምፍጣር ኣብ ምዕባለ ማሕበረሰብ ይሳተፍ፣ ሓላፍነት ይስከምን ከም ሓደ ደራኺ ሓይሊ ኮይኑ ይሰርሕን። ነዚ ኸኣ ብከምዚ ነተግብሮ፥

- ንጉዳያት ኣባይቲ ኣገዳሲ ምርኻባት ባይታ ምዃን፡
- ኣብ ጐረባብቲ ሓይሊ ድሕንነትን ማሕበረሰብን ምፍጣር፡
- ንኣባላት ፍልጠትን ደገፍን ኣገልግሎትን ምሃብ፡
- ምስ ካልኦት ብጾት ምዝርራብን ምትሕብባርን ንኽግበር ብምዕዳም፥
- ንፖሊሲታትን ሕግታትን ምጽላው፡ካብ ኣባይቲ ሰባት እተረኽበ ሓበሬታታትን ተመክሮን ብምጥቃም ፡
- ንተኻረይቲ ሸወደን ብዛዕባ ዋጋ ክራይ ብምድራዳር፡

# ሸቶታትና

ኣብ ኩሉ ስርሓትና ማሕበር ተኻረይቲ ሰለስተ ሸቶታት ኣለዎ።

**መሰል መንበሪ**
መንበሪ ምህላው መሰል ወዲ ሰብ እዩ። ስለዚ ኸኣ ኢዩ ዝያዳ ኣባይቲ ቀጻሊ ብዝኾነ መንገዲ ክህነጽ ዘድልዮ።

**ብ ርትዓዊ ዋጋ ዝርከብ መንበሪ**
ካብ ሚዛናዊ ዋጋ ክራይ ገዛ፡ ተኻረይቲ ኹሉ ማሕበረሰብ ይጥቀሙ እዮም።

**ባህ ዜብል መንበሪ**
ነቶም ተኻረይቲ ስልጣን ምሃብ ከምኡውን ነቲ ናይ ተኻረይቲ መሰል ምውሳክ ማራኺ ዓይነት መንበሪ ንምስራሕ ኣድላዪ ኢዩ።

ብዛዕባ ሸቶታትና ኣብ hyresgastforeningen.se ዝያዳ ኣንብብ



# ብኸመይ ከም እተወደብና

ውሳነታትና ብዲሞክራስያዊ መገዲ ኢናንገብር እቶም በቲ ውሳነታት ዚጽለዉ ሰባት ኸኣ ነቶም ውሳነታትና ኪጸልውዎም ክኽእሉ ኣለዎም። እተመርጹ ኣባላት ኣብ ኵሉ ደረጃታት እቲ ንግዲ ብኸመይ ከም ዝካየድ ሓፈሻዊ ውሳነ ይውስኑ።

### መንበሪ ቦታታት

ኣብ ብዙሕ ቦታታት ማሕበር ተኻረይቲ ወይ ወኪል ኣባይቲ ኣሎ። ኣብ ካልእ ቦታ፣ዝሰርሑ ማሕበረሰብ ምስ ጊዛዊ ጸገምት ወይ ሓደ-ሓደ ሽግራት ክህልዉ ወይ ውን ክፈትሑዎ ክጽዕሩ ይክእሉ እዮም።  ሓባራዊ ጒዳያት እቶም ተቐማጦ ንምፍታሕ ምስቲ ዋና ገዛ ወይ ኣካያዲ ስራሕ ምይይጣት ይካየዱ እዮም። እዚ ኸኣ ካብቲ ብዛዕባ ጐረባብቲ ዚግበር ምይይጥ ኣትሒዙ ኽሳዕ እቲ ኸባቢ ወይ ክራይ ገዛ ዚቈጻጸረሉ መገዲ ብቐጥታ ዚጸሉ ኪኸውን ይኽእል እዩ።

### ምምሕዳራት ከተማ


ብ ደረጃ ምምሕዳር ከተማ፣ ምስ'ቶም ኣብቲ ኸባቢ ዚነብሩ ትካላት ኣባይቲ ብዛዕባ ክራይ ንደራደር ኢና። ብተወሳኺ እዚ ማሕበር ኣብ ውሽጢ ምምሕዳር ከተማ ንዚለዓል ካልእ ጒዳያት ኣባይቲ እውን ጽልዋ ንምግባር ይሰርሕ።

### ዞባታት

ብ ደረጃ ዞባ፣ ነቲ ኣብ ብምሉኡ እቲ ዞባ ዜድሊ ተበግሶታት ምትሕብባር ንገብር ኢና። ኣብ'ዚ ኣብ ዝተፈላለየ ናይ መንበሪ ጉዳያት ዝሰርሑኪኢላታት ክትረክብ ትክአል ኢኻ።

### ሃገር ደረጃ

ብ ሃገርደረጃ፣ ምስ ናይ ኣባይቲ ፖሊሲ ተጣበቕትን ምስ ክራይን ምውዕዋዕንዝተሓሓዙ ፖሊሲታትን ንሰርሕ። ናይ ስውድሽ ባይቶ ሓድሽ ናይ መንበሪ ሕጊ ከውጽእ ከደሊ ከሎ፣ ኽኢላታትና ከማኽሩ ይዕደሙ እዮም።




**1 መንበሪ ቦታታት**

**ከባቢያዊ ማሕበር ተኻረይቲ** — ኣብ ከባቢታት መንበሪ ኣባይቲ ወይ ናይ መንበሪ ቦታ ዝካይዱ ንጥፈታት።
**ዓመታዊ ሓፈሻዊ ኣኼባ** — እቲ ኣብቲ ኸባቢ ዚርከብ ማሕበር ተኻረይቲ ዝለዓለ ውሳነ ዝህበሉ ዋዕላ።
**ቦርድ ናይ ከባቢያዊማሕበር ተኻረይቲ** — ውሳነታት ናይ ዓመታዊ ሓፈሻዊ ኣኼባ ኣብ ተግባር ከምዝውዕሉ ይገብር።

**2. ምምሕዳር ከተማ**

**ማሕበር** — ብ ደረጃምምሕዳር ዝካየዱ ንጥፈታት።
**ዓመታዊ ሓፈሻዊ ኣኼባ** — ናይ'ቲ ማሕበር ዝላዓለ ወሳኒ ወሃቢ ኣካል።
**ቦርድ ማሕበር ተኻረይቲ** — ውሳነታት ዓመታዊ ሓፈሻዊ ኣኼባ ኣብ ግብሪ ከም ዝውዕል የረጋግጽ።

**3. ዞባታት**

**ዞባ** — ብ ደረጃ ዚባ ዚካየዱ ስራሕቲ።
**ቤት-ምኽሪ** — ናይ ዞባ ዝለዓለ ወሳኒ ዝህብ ዋዕላ።
**ቦርድ ዞባ** — እተን ብ ቤት-ምኽሪ ዝተወሰና ውሳነታት ኣብ ግብሪ ከም ዝውዓላ የረጋግጽ።

**4. ብ ደረጃ ሃገር**

Swedish Confederation of Trade Unions (**ኮንፌደረሽን ማሕበራት ንግዲ ሽወደን**) — ብደረጃ ሃገር ዝካየዱ ንጥፈታት።
**መስርሓት** — ኮንፌደረሽን ማሕበራት ንግዲ ሽወደን ዝልዓለ ወሳኒ ኣካል እዩ።
**ቦርድ ዳይረክተራት** — ኣቲ መስርሕ ኣብ ግብሪ ከም ዝውዕል የረጋግጽ።

# ዘተታት

**ብዛዕባ መብዛሕቲኦም ኣብ'ዛ ዓዲ ዝርከቡ ተኻረይቲ ዝኸፍልዎ መጠን ክራይ ዝምልከት ዘተ ነካይድ። ሰረሕተኛታትን ዝተመርጹ ኣባላት ኣብ ከይዲ እዚዘተ ይሳተፉ።**

ብዛዕባ እቶም ኣብ 1.5 ሚሊዮን ኣፓርተማ ገዛውቲ ዝነብሩሰለስት ሚሊዮን ተኻረይቲ ዝኸፍልዎ መጠንክራይ ገዛ ንዛተ። ኣተን ኣፓርተማታት ኣብ 300 ናይምምሕድራት ከተማማሕበራት ኣባይትን ኣብ 45,000 ናይ ግሊ ኣካረይትን ይርከባ። 4,000 ዝተመርጹ ኣባላት ኣብ ናይ ዘተ መስርሕ ይሳተፉ። በኣጠቓላሊ፣ ናይ'ታ ሃገር ሙሉእ ተኻረይቲ 113 ቢሊዮን ሴክ ዓመታዊ ክራይ ይኸፍሉ።

**ዕላማ እቶምዘተታት**

ሓደ ዕላማ ናይ እዞም ዘተታት ክራይ ገዛ ንሓደ ንቡር ሰራሕተኛ ኻብቲ ድሕሪ ግብሪ ዚኽፈሎ ገምጋም ኣታዊ 25 ሚእታዊት ንላዕሊ ክኸውን የብሉን። መጠን ክራይ◦ካብ'ቶም ካልኦት ኣብ ውሽጢ እቲሕብረተሰብ ዘለዉ ዋጋታት ንላዕሊ እውን ክኸውን የብሉን ።

**ሓደ ዋጋ ን ሓደ ዓይነት ኣፓርታማ**

ክራይ ገዛኻ በቲ ኣፓርታማ ዘለዎ ናይ ግልጋሎትዋጋ ማለት በቲ ዓይነትን ደረጃ ጽርየትን ናይ'ቲ ኣፓርተማ ኢዩ ዝውሰን። ዋጋ እቲ መሳለጥያታትማለት'ውን እቲ ክራይ ገዛ ነቲ እቶም ተኻረይቲ ምስ እተፈላለየ ባህርያት እቲ መሕደሪ ዘለዎም ሓፈሻዊ ዋጋ ዜንጸባርቕ ኪኸውን ኣለዎ። እዚ ኸኣ ዓቐን ስፍሓት እቲ ኣፓርታማ ቍጽሪ ኽፍልታት ንድፊ መለከዒታት ኲነታት ኣከባቢ ቦታ እቲ ህንጻ ከምኡውን ጽባቐ እቲ ኸባቢ ዜጠቓልል ኪኸውን ይኽእል እዩ ። ዕቃበታትን ኣገልግሎታትን ኣብቲ ዘተ ዝተኻተቱ ኣገደስቲ ነገራት እዮም።
ዘተ ኣብ እንገብረሉ ጊዜ ክራይ ገዛኻ ካብ ካልኦት ተመሳሳሰልቲ ኣፓርተማ ዘይልዕል ምዃኑ ነረጋግጽ።



# ጥብቐና

**ቍጽሪ እቶም ኣብ መሕደሪ ኺካረዩ ዚደልዩ ሰባት ካብቲ ጠቕላላ ቑጽሪ ዝካረዩ ኣፓርተማታት ይበዝሕ። ኣብ ማሕበር ተኻረይቲ ንኣባይቲ ሰባት ጽልዋ ኣብ ምምጻእን ኣብ ምምሕያሽን ዚሕግዙ ብኣሽሓት ዚቝጸሩ ውፉያት ኣባላት ኢና። ን ኹሎም ነቶም ናይ ሎሚን ጽባሕን ተኻረይቲ ገዛ።**

ዓቢ ናይ መንበሪ ሕጽረት ኣሎ ካብ'ዚ ብተወሳኺ ናይ መብዛሕቲኦም እቶም ዝተሰርሑ ዋጋ ኣዝዩ ክቡር እዩ። ሰባት ኪነብሩሉ ዚኽእሉ ተመጣጣኒ ዋጋ ዘለዎ ኣባይቲ ክንርኢ ንደሊ።

ኣብ ብዙሓት መንበሪ ኣባይቲ ጠለብ ጽገናን ምሕዳስን ህጹጽ ፍታሕ ዘድልዮ እዩ። እዞም ከባቢታት እዚኦም ኺመሓየሹን ተኻረይቲ ድማ ኣባይቶም ከመይ ከም ክመስሉ ከምዘለዎ ዝምልከት ሓሳብ ክህቡ ንደሊ። እቶም ተኻረይቲ ድሕሪ እቲ ዝግበርምምሕያሽ ዋጋ ክራይ እቲ ገዛ ከምዝኽእልዎርግጸኛታት ኪኾኑ ኣለዎም ።

ኣብ መላእ እታ ሃገር ምስ ዚርከቡ ፖለቲከኛታት ተራኺብና እቶም ሕጽረት ኣባይቲ ንምቕራፍ ፍታሕ ክኾኑ ዝኽእሉ ነገራት ንምዃላሕ ብኢንተርነት ወፈራ ንገብር ኢና። ንህንጻት ኣባይቲ ንምቅልጣፍ መፍትሒ ነቕርብ ኣሎና ምስቶም ብዓሰርተታት ኣሽሓት ዚቝጸሩ ተኻረይቲ ኮይንና ድማ ኣብ'ቶም ኣብ ፓርላማ ኾነ ኣብ ምምሕዳራት ዚርከቡ ፖለቲከኛታት ጸቕጢ ኽንገብረሎም ንኽእል ኢና።

# ከባቢታት መንበሪ ኣባይቲ

ኩሎም ተኻረይቲ ጽቡቕ መነባብሮ መሰል ኪህልዎም ኣለዎ። እዚ ቦታ ኸኣ ነቲ ህንጻን ነቲ ግዳማዊ ኣከባብን ዝሓትት ኢዩ ።



ማሕበር ተኻረይቲ ብሰፊሕ ኣረኣእያ ምስ መንበሪ ኣከባቢ ይዓዪ እዩ። ብርትዓዊ ዋጋ ክርከብ ዝኽእል ጽቡቕ ዓይነት መንበሪ ገዛ ንክህሉ ኢና እንሰርሕ ። ኣብዚ ንምብጻሕ፣ብዛዕባ ብሉጽን ኣከባብን ዚገልጽ ኣምር ከም ኣድላዪ ጌርካ ኺርአ ኣለዎ፥ ነዞምዝስዕቡ ድማ ይሓቁፍ፡

- ድሕንነት/ውሑስነትን
- ጽልዋ
- ብጽቡቕ ዝተመደበን ብጽቡቕ ዝሰርሕ መንበሪ
- ሓምላይ ቦታን መዘናግዕን ማሕበራዊ ምትእኽኻብን ኣገልግሎትን ዘለዎ ጥዑይ ከባቢ ግዳምን ውሽጥን።

ማሕበር ተኻረይቲ ሓድሽ ህንጻታትን ሕደሳታትን ብጥንቃቐን ብብሉጽ ኣገባብን ኪግበር ከም ዘለዎ እዩ ዚኣምን። ኵሉ ኣባይቲ ብጽቡቕ ጻሓይ ብርሃን ኪረኽቦ ኸም ዘለዎ ንኣምን ኢና ። ጫውጫውታ ካብ ግዳም፡ ምንቅጥቃጥ ምድሪን ዘይርበሽ ኣከባቢ ኢና ንደሊ። ኣቶም ኣካረይቲ ማሕበራት ሓደገኛ ንጥረ-ነገራት ካብ ናውቲታት ህንጻን ምህርቲታትን ክእለ አዩ ድሌታቶም። ሓደገኛ ንጥረ-ነገራት ዘለዎ ንተቐመጥቲ ሕማም ዘኸትልን ኣሉታዊ ጽልዋ ኣብ ኣከባቢ ዝህልዎን ኣባይቲ ኣይንደልን።

እንተኾነ ግን መንበሪ ኣከባቢ ማለት ኣብ ከም ጕሓፍ ቤትካ ምፍላይ ዝኣመሰለ መዓልታዊ ጕዳያት ምስትኽኻል ዝደሊ እውን እዩ። እቲ ናይ ተኻረይቲ ማሕበር ብሓባር ምስ ካልኦት ናይ መንበሪ ማሕበር ትካላት ከም SABO፣ Fastighetsägarna፣ HSB ን Riksbyggen ብሓባር ብምኺን MABO ዝባሃል ፈጢሩ እዩ። ተሓባባሪ ጉጅለ ናይ ንኣተሓሕዛ ጕሓፍ ኢዩ።



# ዓለምለኸ ስራሕ

ካብ 1983, ማሕበር ተካረይቲ ርኢሲ ናይ International Union of Tenants, IUT (ዓለምለኸ ማሕበር ተካረይቲኣይ.ዩ.ቲ) ፣ ኣብ 45 ሃገራት ዝርከብ ዓለምለኸ ምንቅስቃስ ርክባት 67° ተካረይቲ ማሕበራት እዩ።

IUT ሓቤሬታ ይዝርግሕን ዕዉት ኣብነታት ድማ ዘጕልሕን እዩ ። ብተወሳኺ፣ IUT ጽቡቕን ጥዑይን ኣባይቲ ብሚዛናዊ መገዲ ብምኽራይ ብዙሕ ክራይ ዘለዎ ረብሓታት ንምርኣይ ኣብ ፖሊሲ ኣባይቲ ይዓዩ ኣሎ ። ኣብ 2008, IUT ንኣባላት ባይቶ ኣውሮጳን ሰበ-ስልጣን ኮሚሽን ኣውሮጳን ንምዝርራብን ጽልዋ ንምግባርን ኣብ ብራስልስ ናይታ ሃገር ቤት ጽሕፈት ኣቔመ። ብዛዕባ IUT ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ www.IUT.nu ኣንብብ።

# ሕጋዊ

ዓመታዊ ናብ ኣሻሓት ኣባላት ሓገዛት፣ ድገፋትን ኣገልግሎትን ንህብ። ኣዚ ካብ ዝፈስሱ ቡንቧታት ክሳብ ዝተቛረጸ ውዕላት ክራይ ዝሓቁፍ እዩ።

ጠበቓታትና ንኣባላት ከም ቦርድ ክራይ ገዛ ኣብያተ-ፍርዲ ኣውራጃ ከምኡውን ይግባይ ዚሰምዕ ኣብያተ-ፍርዲ እዮም ዚውክሉ። ሓደ ሓደ ጉዳያት ብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ኣዩ ዝውሰን፣ ኣዚ ግን ሳሕቲ ኣዩ።

- ዓመታዊ፣ ካብ ኣባላት ዝለዓሉ 50,000 ሕቶታት በቲ ማሕበር ተኻረይቲ ዚህቦ ምኽሪ ኣቢሉ መልሲ ይወሃብ።
- 17,000 ግላዊ ጉዳያት ዓመታዊ ነቶም ዝሓሸ ደገፍ ዜድልዮም ኣባላት ይዋሃብ።

እቲ ናይ ሕጊኣገልግሎትና ኣብ'ቲ ናይ ኣባልነት ክፍሊት ዝካተት እዩ።



# ናይ ኣእምሮ ሰላም

ውሑስነት ማለት ብዛዕባ ማሕበራዊ ውሑስነት ዝስመዓካ ስምዒት እዩ—ማለት ምስ ጎረባብትኻ ብዛዕባ ዘሎካ ርክብ ንኽትፈልጥን ኣብቲ እትነብረሉ ኸባቢ ንኽትሳተፍን እዩ ዚድርኸካ።

ኣካላዊ ኣከባቢ እውን ኣብዚ መዳይ እዚ ኣገዳሲ ግደ ኣለዎ ። ኣብ ኣፍ ደገታትን ብግቡእ እተመደበ መጻወቲ ቦታታትን ዚርከብ ኮፍ መበሊ ንተቐማጦ ባህርያዊ መአከቢ ኪኸውን ይኽእል እዩ።

ኣብ ቤትካን ኣብ ጎረባብትኻን ዝህሉ ናይ ውሑስነት ስምዒት ተኻረይቲ ኣብ ልዕሊ ኹሉ ኣብሊጾም ዝርኢዎ ነገር ኢዩ። ማሕበር ተኻረይቲ ነቶም ተኻረይቲ ኣብ ቤቶም ስግኣት ከም ዘስምዖም ዝገብር ዝኾነ ይኹን ጉድለታትን ጸገማትን እንታይነት ዝምልከት ትምህርቲ ይህብ።

ማሕበር ተኻረይቲ ኣብ'ቲ ኸባቢ ተበግሶታት ንምውሳድን ኣብ እተፈላለየ ንጥፈታት ንምስታፍን ምስ ወነንቲ መሬትን ምስ እተፈላለያ ማሕበራት ጎረባብትን ይዓዪ እዩ።

# ታሪኽና

**ኣብ 1910ታትን ናይ መጀመርታ ማሕበር ኣካሪይቲ ኣብ ዝተጣየሸሉ እዋን ተኻረይቲ ኣብ ልዕሊ ወንንቲ መሬት ወላሓንቲ ሓይሊ ኣይነበሮምን። እዚ ነገር ክቕየር ሓጊዝና።**

**ምልስ ኢልና ንርአ**

ኣታ ቀድመይቲ ማሕበር ኣካሪይቲ ክስብ ሕጂ ዘላ ኣብ 30 ታሕሳስ 1915 ኣብከተማ ንይናሽምን ተመስሪታ። እቶም ኣብ ተሌራፍሽርኬትስ ዝነባርነቶም ዘይዕጉባት ተካረይቲ ኣባይቲ ኣኼባ ኣካይዶም። እቲ መንበሪ ኣባይቲ ብጥዕሚ ሕጽረት ማይን ኤሌትሪክን ኔርዎ። ብጣዕሚ ሽግር ናይ ኣናጹን ባልዕን ድማ ኔሩ። እቶም ወነንቲ መሬት ወላ ሓንቲ ምግባር ምስ ኣበዩ ብዛዕባ እቲ ሽግር እቶም ነበርቲ ማሕበር ተኻረይቲ ከጣይሹ ወሲኖም።

ብተመሳሳሊ መንገዲ፣ ማሕበር ተኻረይቲ ኣብታ ሃገር ተጣይሹ። ኣብ 1923, ሾሞንተ ማሕበር ተካረይቲ ብሓባር ብምዃን ናይሸወደን ሃገራዊ ማሕበር ተኻረይቲ ኣጣይሽን። ኣብ 1925, እቲ ማሕበር ዓለምለኻዊ ኮይኑ። ኣብ'ቲ ግዜ፣ እቲማሕበር ኣጠቓላሊ 8,000 ኣባላት ኔሮምዎ።

ካብኡ ጀሚሩ ቀጻሊ ዝኾነ ዕቤት ኣሎ። ሎሚ፣ ልዕሊ ፍርቂ ሚሊዮን ኣባላት ናይ ማሕበር ተኻረይቲ ኣሎ።




# ኣባላት ናይ ማሕበር ተካረይቲ

- ንመብዛሕትኦም ኣብ ሽወደን ዚነብሩ ብዛዕባ ዋጋ ክራዮም ተዛቲናሎም ኣና። ከም ኣባል መጠን፣ ቅድሚን ድሕሪን እቲ መስርሕ ሓበሬታ ኽትቅበል ኢኻ።
  ልዕሊ 4,000 ኣባላት ዓመታዊ ኣብ ዘተ ይሳተፉ።
- ብተሌፎን ምኽሪ ኽትሓትት ወይ ቆጸራ ኽትሕዝ ትኽእል ኢኻ።
- እንህቦም ኣገልግሎታት ኣብ'ዚ ናይ ተኻረይቲ ማሕበር መርበብ ሓበሬታ hyresgastforeningen.se ብምእታው ክትጥቀም ትኽእል ኢኻ።
- ንስኻን ጎረባብትኻን ኣከባቢያዊ ምምሕያሽ ክትገብሩ እንተደሊኹም ሓገዝ ክትረኽቡ ኢኹም።
- ከም ኣማራጺ ክቐርቡልካ ዝኽእሉ ብዙሓት ናይ ኣባልነት ጥቕሚታት ኣለዉኻ እዮም። ሓደ ኣብነት እቲ ተኻራዩ ዚሰርሓሉን ዋጋ ዘለዎን መድሕን ቤት ማለት መድሕን ተኻረይቲ እዩ።
- ኣብ ዓመት ሸሞንተ ግዜ ነታ ሄምን ሂራን እትበሃል ናይ ኣባላት መጽሄት ክትቅበል ኢኻ። ኣብዛ ዓንቀጽ እዚኣ ካብ ጸብጻባት መርመራን ኣብቲ ኽባቢ ኻብ ዚቐርብ ዜናታትን ኣትሒዝካ ኽሳዕ መርመራ ፍርያት ቤትን ብዛዕባ ውሽጣዊ ንድፍን ክተንብብ ትኽእል ኢኻ። ሄምን ሂራን ናይ ባዕሎም መርበብ ሓበሬታ ኣለዎም፣ hemhyra.se.

# ንዝያዳ ሓቤሬታ

ብዛዕባና ዝያዳ ኽትፈልጥ እንተ ደሊኻ በዚ ክትረክበና ትኽልእ ኢኻ
+46 (0)771 443 443 ወይ ንመርበብ ሓበሬታና
hyresgastforeningen.se ክትውከስ ትኽእል ኢኻ

**ሓቅታት፡**

- ቁጽሪ ኣባላትና 535,000 ስድራ ቤታት
- ቁጽሪ ዝተመርጹ ኣባላት፡ 8,950
- ቁጽሪ ሰራሕተኛታት፡ 870
- ቁጽሪ ናይ ኣከባቢ ተኻረይቲ ማሕበር፡ 1,174
- ቁጽሪ ማሕበራት፡ 160
- ቁጽሪ ዞባታት፡ 9

**ዕድመ ኣባልት፣ ዝርግሐ፡**

- 0-25 ዓመታት፡ 16%
- 26-35 ዓመታት፡ 17%
- 36-45 ዓመታት፡ 17%
- 46-55 ዓመታት፡ 16%
- 56-65 ዓመታት፡ 15%
- 66-75 ዓመታት፡ 10%
- 75+ ዓመታት፥ 9%

# ዞባታት ተኻረይቲ ማሕበር

